03/11/2009

## *ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ተጋደልቲ ዜጋታት ኣድልዎን ወገንነትን ይፍጽም ከምዘሎ ኣብዚ ቅንዚ ናብ ጎረቤት ሱዳን ዝኣተው ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ኣረጋጊጾም።*

ነዞም ምስ ከቢድ ስንክልነኦም ናብ ሱዳን ዝኣተው ዜጋታት ጠቂሱ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ጨንፈር ቤትጽሕፈት ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ከምዘረጋገጸልና- ምእንቲ ናጽነት ኢሎም ኣካሎም ጎዲሎም ከቢድ ስንክልና ዘጋጠሞም ተጋደልትን ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተካየደ ኲናት ዝሰንከሉ ኣገልግሎትን ሰሪሕና ክንበልዕ ስለዘይንኽእል ናብ ማሕበር ስንኩላን ኲናት የእትውና ብምባል ብተደጋጋሚ ዘቕረብዎ ጥርዓን ተቐባልነት ብምስኣኑ የማርሩ ኣለው። እዞም ብሰንኪ ከቢድ ስንክልንኦም ሰሪሖም ክበልዑ ዝተጸገሙ ዜጋታት ኣብቲ ማሕበር ተወዲቦም ድጋፍ ዝረኽቡሉ ኩነታት ክፍጠር ዘቕረብዎ ጥርዓን ይንጸግ ኣብ ርእሲ ምህላው ወገን ዘለዎም ሰባት መልሲ ይረኽቡ ብምህላዎም ሕማቕ ስምዒት ከምዝተፈጠረ ድማ ገሊጾም'ዮም። እዞም ፍትሒ ዝሰኣኑ ስንኩላን ተጋደልቲ ኣብ መነባብሮኦም ከቢድ ጸገም ኣጋጢምዎም ሕማቕ ሃለዋት የሕልፉ ከምዘለው'ውን እቶም ዜጋታት ከምዝሓበሩ ጨንፈር ቤትጽሕፈትና ብተወሳኺ ኣመልኪቱ።

## *ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ባጽዕ ዝሃነጾ መዕርፎ ነፈርቲ ብቑዕ መጽናዕቲ ዘይተገበረሉ ብምኳኑ ብሰቪል ኣቬሽን ዓለም ተቐባልነት ከምዝሰኣነ ኣብ ሲቪል ኣቬሽን ባጽዕ ዝሰርሕ ዝነበረ ዜጋ ኣቃሊዑ።*

እዚ ኣብዚ ቅንዚ ናብ ጎረቤት የመን ዝኣተወ ሽመይ ዓቕቡለይ ዝበለ ኣብ ሲቪል ኣቬሽን ዝሰርሕ ዝነበረ ዜጋ ኣብታ ሃገር ምስ ዝርከብ ጨንፈር ቤትጽሕፈትና ኣብ ዘካየዶ ዕላል- መገዲ ኣየር ባጽዕ ምእንቲ ረብሓ መላኺ ኢሳይያስ ተባሂሉ ጥራይ ብዘይ እኹል መጽናዕቲ ብሃታሃታ ዝተሰርሐ ብምዃኑ ሃብቲ ሃገርን ህዝብን ፈሲስዎ ክነሱ ብሲቪል ኣቬሽን ዓለም ተቐባልነት ክረክብ ኣይክኣለን ናይ ካልኦት ሃገራት ነፈርቲ ክዓርፋሉ ድማ ፍቃደኛታት ከምዘይኮና ገሊጾም።እቲ ብሚልየናት ዝቁጸር ሃብቲ ዝፈሰሰሉ መዕርፎ ነፈርቲ 130 ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ዘለውዎ'ኳ እንተኮነ ናይ ደገ በረራ ዘየለን ነፈርቲ ካልኦት ሃገራት ዘይደፍርኦን ብምዃኑ ስራሕ ፈቲሖም ክውዕሉ ግድን ኮይኑዎም ከምዘሎ ድማ ኣረዲኡ። እቲ መዕርፎ ነፈርቲ መላኪ ኢሳይያስ ካብ ኣስመራ ወጽዩ ኣብ ባጽዕ ምስተቐመጠ ንዊንትኡ መሰረት ገይሩ እኹል መጽናዕቲ ከይተሰላሰለ ከምዝተሰርሐ እቲ ዜጋ ገሊጹ'ዩ።

------------------------------------------//////-------------------------------------


Web-site: www.sallina.com

E-mail: banawegahta@yahoo.com

: Selamwegahta@yahoo.com